ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር الجبهة الوطنية الإرترية المتحدة

Eritrean United National Front

# እቲ ኲናት ኣብ ውሽጢ ኤርትራ እውን'ዩ

ንዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝወረደ ኣሰቃቒ ተግባራት ዘርዚርካ ዝውዳእ ኣይኮነን። ኢሰያስ ኣፈወርቂ ሓደ ካብቶም ቀንዲ ሃንደስቲ ናይዚ ወራርን ግፍዕታትን ምዃኑ ፍሉጥ ኮይኑ፡ ኣሕዋትናን ኣሓትናን ኤርትራውያን ኣብዚ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ክወርድ ዝጸንሐን ዘሎን ገበናት ቀንዲ ተዋሳእቲ ምዃኖም ድማ ዝያዳ ክመርር ይገብሮ።

ንገለ ዉሑዳት ኣዋርሕ ዝግ ኢሉ ናይ ሰላም ዝርርባት ክጅመርዩ እናተባህለ ድሕሪ ምጽንሑ፡ እነሆ ሕጂ ከኣ ካብቲ ቀዳማይ ዙር ዝኸፍአ መሪር ኲናት ብኹሉ ሸነኻት ተኸፊቱ ኣብ ህንጸት ከባቢና ክሳተፉ ዝግበኦም ኣሻሓት ዜጋታት ይሃልቁ ኣለዉ። ሰይጣናዊ ምሕዝነት ኢሰያስ ኣፈወርቅን ኣቢይ ኣሕመድን ካብ ስልጣኖም ምንዋሕ ንላዕሊ ካልእ ቅኑዕ ምኽንያት የብሎምን። ክልቲኦም ብዋጋ ንጹህ ደም ክልቲኡ ህዝብታት ዕድመ ስልጣኖም ከናውሑ ዝደልዩ ናይ ዘመንና ዝወጸሎም ፋሺሽታውያን መራሕቲዮም።

እዚ ኲናት ንኽልቲኦም መራሕቲ ሃገራት ናይ ህይወት ወይ ናይ ሞት ኩነታት እዩ ኮይንዎም ዘሎ። እቲ ናይ ኢትዮጵያ ልዕሊ ኩሉ ንኢትዮጵያውያን ዝምልከት ኮይኑ ንሕና ኤርትራውያን ግን ንስለ ቂምን ቅርሕንትን ኢሰያስ ኣፈወርቂ ከነተኣናግድ ክንብል እንኸፍሎ መስዋእቲ ክህሉ ኣይግባእን። እቶም ከም ጥሪት ማሕረድቲ ካብ መረበቶም ተተጎቲቶም ናብ ድፋዕ ክዃረቱ ዝጸንሑ ዜጋታትና ኣመና በዚሑ ሎሚ እምቢ ዝበለ ካብ ማእሰርቲ ሓሊፉ ኣብ መርሸንቲ በጺሑ`ሎ።

ኣብ ዕለት 1 መስከረም ነዚ ናይ ጥፍኣት ተልእኾ ተሓንጊጦም ገዛ ገዛ ኣትዮም ብኣልማማ ዝገፉ ዘለዉ ሰባት፡ ኣብ ኣኽርያ - ኣስመራ፡ ንሓደ ኣቶ ገብረኣብ ዝተባህለ ካብ ቀዳማይ ዙርያ ዓዱ ኳዜን፡ ካብ ገዝኡ ብሓይሊ ጎቲቶም ክወስድዎ ምስ ጀመሩ ብዝተላዕለ ነድሪ ኣብ ቅድሚ ብዓልቲ ቤቱን ደቁን ብጥይት ረሺኖም ቀቲሎሞ ኣለዉ።

ኣብ ሰገነይትን ከባቢኣን ካብ ኣብያተ መቕደሳት ከይተረፈ ብሓይሊ ጎቲቶም ክወስድዎም ከለዉን ካብ ዓቕመን ንላዕሊ ኮይንወን ኢደን ንድሕሪት ጠሚረን ክዕዘባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ ክዘውር ዝቐነየ ስእሊ ንብዙሓት ዘሕዘነ ጉዳይ እዩ። ሎሚ ህግደፍ መንእሰያት ካብ ካልእ ከባቢታት ናብ ኣስመራ መጺኦም ይሕብኡ ኣለዉ ዝብል እምነት ስለ ዝገብረ

ንኹሉ ተቐማጢ ኣስመራ ዝኾነ ጋሻ እንተኣሕዲሩ እሞ ንመንግስቲ እንተዘይሓቢሩ ክእሰር ምኽኑ ብሃሱሳቱ ጌሩ መምርሒ ኣሕሊፉ ኣሎ። ነዚ ተግባራዊ ክገብር ተመዚዙ ዘሎ ከኣ ሓደ ኣፈወርቂ ዝተባህለ ወዶ-ገባ እዩ። ካብ ቃልሲ ከዲዑ ዝኣተወ ሕጂ ኣብ ዑቑር ሰራዊት ዝነጥፍ ዘሎ ሰብዩ። ተግባራቱ ሰላም ከምዘይህቦ ስለ ዝተፈልጠ ሃገራዊ ድሕነት ሽጉጥ መከላኸሊ ነብሱ ሂቦሞ ኣለዉ። ኣብ ውሽጢ ዓዲ ይኹን ኣብ ወጻኢ ቀንዲ መጋብረያ ኮይኖም ዘለዉ ወዶ-ገባን ኣባላት ኢሰፓ ነበርን`ዮም።

እቲ መንግስቲ እዚ ኩሉ ጌሩ ስለ ዘይኣከሎ ካብ ኩሉ ኣሃዱታት ሚኒስትሪ ምክልኻልን ካብ ካለኦት ሚኒስትሪታትን ኣሃዱታት ሰሪዑ ናብ ቅድመ ግንባር ኣዋፊርዎም ኣሎ። ካብ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል፡ ካብ ማእከል ስልጠና ፍሉይ ሓይልታት፡ ካብ ሃንደሳ፡ ካብ ቤት ትምህርቲ መኮንናት፡ ካብ መራኸቢታት ዝተዋጽኡ ሓደ ብርጌድ ካፒተን ሰልጢነ ተወልደ ዝመርሖ ምስ ክፍለ ሰራዊት 84 ኮይና ክትዋጋእ ናብ ባዳ ገጻ ኣምሪሓ ኣላ። እቶም ዝተረፉ ኣብ ክፍሊታት ሚኒስትሪ ምክልኻልን ካለኦት ሚኒስትሪታትን ዘለዉ ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት ተጸዊዖም ኣካላዊ ምንቅስቓስን ናይ እግሪ ጉዕዞን ክገብሩ ትእዛዝ ወሪዱ ኣሎ፣

እዚ ዝካየድ ዘሎ ኲናት መሪር`ዩ። ህዝብና ይውዳእ ኣሎ። እቲ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዘሎ ህዝብና እቲ ዝተቃወመ ኣብ ቅድሚ ደቁ ይርሸን ኣሎ። ናይ ህዝቢ ነድሪ ይዓቢ ኣሎ። ደንበ ተቓውሞ ንነዊሕ ዓመታት ዘገም ክብል ድሕሪ ምጽናሕ ንይኣክል ዝፈጠረ ኩነታት ርኢናዮ ኢና። ይኣክል ዘገም ክብል ምስ ጀመረውን ካልእ ቁጠ0 መንእሰያት ከላዓዕል ዝክእል ኩነታት ተፈጢሩ ‘ንብርጌድ ንሓመዱ’ ፈጢሩ’ሎ። እዚ ግን ኣብ ዘገምታ ከይኣተወ ናብ ካልእ ሉሉይ ለውጢ ከምጽእ ዝኽእል ምንቅስቓስ ክሰጋገር ናይ ኩላትና ጻዕርታት የድሊ። ዓለም ዝመስከረሉ ብጸረ ሰብኣዊ መሰላትን ጸረ ኩሉ ዓለም ለኻዊ ሕግታትን ዝኸይድ ስርዓት ኣብ ሙሉእ ዓለም ኤምባሲታቱ ከፈቱ ክሰርሕ ከነፍቅድ ኣይግባእን። ቀጻሊ ናይ ኩሎም ደለይቲ ለውጢ ዒላማ `TARGET’ ኤምባሲታት ኤርትራ ምዕጻው ክኸውን ኣለዎ ንብል።

ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤስሃግ

8 መስከረም 2022